18 ሕዳር 2010

# ዕውት ኣኼባ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን

## ሳን ሆዘ ፡ ካሊፎርንያ

ኩልና ከምንፈልጦ፡ ምንም እኳ ብዕለት 14 ሕዳር 2010 ኣብ ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ዝተገብረ ኣኼባ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝተቖጽረ እንተነበረ ፡ እዚ ልዕሊ 70 ዝኾኑ ካብቶም ኣባላቱ ዝተሳተፍዎ ኮማዊ ኣኼባ ብመንፈሱን ትሕዝትኡን ኣወንታዊን ነቲ ማሕበረ ኮምና ዝጠልቦ ዝነበረ ወድዓዊ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ዝሃበን ኣማዕድዩ ዝጠመተን ኢዩ ነይሩ።

እዚ ግዚኡ ዝሓተቶ ኣኼባ፡ ቅድም ብናይ ጽብጻብ ናይ ዓመታት ሕጂ ዘላ ኣካያዲት ኮሚተ እዩ ፈሊሙ። ድሕሪ ዝርዝር ምቕራብ ታሪኹ፡ እቲ ኣኼባ በብተራ ንዝቐረቡ ሕቶታት ከከምኣድላይነቱ ኣዕጋቢ መልሲ ድሕሪ ምሃቡ፡ ተሳተፍቲ ኣባላት ርእይቶታትን ሓሳባትን ድሕሪ ምልውዋጦምን ገምጋም ናይ ሕሉፍን ህልውን ኩነታት ምግምጋሞም መጻኢ መደባቶም ሓንጺጾም ንትግባሬኡ ድማ ብዓንዲ ሕጊ ማሕበርና ዝእዘዙ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ሓዳስ ኣማራጺት ሽማግለ ብምርጫ ኣቑሞም። እዛ ተመሪጻ ዘላ ሽማግለ ስራሕ ኣጻፈፋ ምስወደአት፡ ፈጻሚት ኣካል ማሕበርና ንምምራጽ ንኩሉ ማሕበርተኛ ኣኼባ ንክትጽውእ ብሙሉእ ድምጺ ተሰማሚኦም።

እዚ ኣኼባ እዚ፡ ሓድነትናን ጽንዓትናን ከምዘይትንከፍ፡ ራእይ ረብሓታት ማሕበረ ኮምና ከኣ ኣብሪሁ ዘርኣየናን ከም ህያው ምስክር ዘረጋገጸን እዩ ነይሩ። ንመጻኢ እነካይዶ መስርሕ ድማ ብዝያዳን ንጹርን ንክንሳተፍ፡ ሰሪሕና ከኣ ብኩሉ መለክዒታት ዕውታት ንኽንከውን ከምዘኽእለና ኣይንጠራጠርን።

ሎሚውን ከም ቀደምና፡ ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ህልዋት ኣባላት ሽማግለ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን

ሳን ሆዘን ከባቢኣን